

# ብሥራት መድኃኔ ዓለም

## መድኃኔ ዓለም ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ሥርዓተ ግዕዝ

### መልእኽቲ ቆሞስ



መውጽኢ

(1)
መልእኽቲ ቆሞስና

(2)
መኣዲ ቃለ-
እግዚኣብሔር

(3)
ብሥራት (ደሃይ)

(4)
መደብ ቁምስና

(5)
ቤት ትምህርቲ
ሰንበት
Medhanie Alem
Sunday School
(MASS)

እኔኹ ...
ከም'ቲ
ዝበልካኒ
ይኹነለይ።

(ሉቃስ 1፣38)

“ነብሰይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ፤ መንፈሰይ ከኣ ብኣምላኸይ፥ በቲ መድሓኒየይ ባህ ይብሎ። ውርደት ባርያኡ ርእዩ እዩ እሞ እንሆ ኻብ ሕጂ ንደሓር ኲሎም ወለዶ ብጽዕቲ ክብሉኒ እዮም”። ሉቃ.1:46-48

ኣብ ካቶሊካዊት እምነት ... ብዛዕባ ማርያም ዚእመን ዘበለ ኹሉ፣ ኣብ'ቲ ብዛዕባ ክርስቶስ ዚእመን ኩሉ ዝተመስረተ እዩ። እቲ ብዛዕባ ማርያም ዚምህሮ ከኣ ተመሊሱ ነቲ ኣብ ክርስቶስ ዘለዎ እምነት ዜብርሆ እዩ። እግዚኣብሔር ንወዱ ለኣኾ ግና ንኣኡ ዝኸውን ስጋ ንምስንዳው ናይ ሓንቲ ፍጥረት ነጻ ዝኾነ ምትሕብባር ደለየ። ስለዚ ኸኣ ንማርያም መረጸ። ቤተክርስትያና ድንግል ማርያም ብሓቂ ኣደ ኣምላኽን ኣደ'ቲ መድሕንን ከምዝኮነት ትፈልጥን ተኽብርን። ንሳ ብኑጹር ኣደ'ቶም ኲሎም ኣባላት ክርስቶስ እያ። ምኽንያቱ ኸኣ እቶም ኣባላት'ቲ ርእሲ ዝኾኑ ምእመናን ንኽውለዱ በቲ ኣፍቅሮታ ተሓባቢራ እያ።

ማርያም ብጸጋ ኣምላኽ ዝሃብተመት ሰብ እያ፣ ንሳ ነቲ ተስፋ ደቂ ሰባትን ፍረ ታሪኽ ድሕነትን ዝኾነ ክርስቶስ መድሓኒ ወሊዳትልና። እዛ ድንግል እዚኣ ንቃል ኣምላኽ ኣብ ልባ ሒዛ ኣሚናን እተስተንትትን ዝነበረት ብጽዕቲ ኢያ።

እዛ ቅድስቲ ኣደ መድሓኒናን ኣደናን፡ ምስ ወዳ ኣብ ግብረ-ድሕነት ዘለዋ ሓድነት፣ ካብ ክርስቶስ ድንግልናዊ ተጸንሶቱ ኣትሒዙ ክሳብ ግዜ ሞቱ፡ ብፍላይ ኣብቲ ሥቓያቱን - ሕማማቱን ተገሊጹ ንረኽቦ። ምእንቲ'ዚ ድንግል ማሪያም ክሳብ መወዳእታ፡ ኣብቲ ምስወዳ ዘለዋ ሓድነት ብተኣማንነት ጸኒዓ ተረኽበት። ነቲ መለኮታዊ መደብ ብምሕላው፡ ኣብኡ ደው ብምባል፣ ምስ'ቲ ኡንኮ ወዳ ኣብ'ቲ መስዋእቱ ብእናታዊ ርሕራሔ ብምጽንባር፣ ነቲ ሥቓያት ናይ ወዳ ብምጽዋር፣ እዚ ካብኣ ዝተወልደ በጊዕ፡ ክስዋዕ ብፍቕሪ ተቐበለቶ።

ግን ከኣ ከምቲ ስምኦን ዝተነበዮ እንሆ እዚ ሕጻን እዚ ኣብ እስራኤል ንብዙሓት ምኽንያት ምውዳቕምን